ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራ

حزب أساس العدالة الإرتري

ERITREAN FUNDAMENTAL JUSTICE PARTY

# ደምዳሚ ኣዋጅ 4ይ ጉባኤ
# ሓድነታዊ ጉባኤ፡ ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራ

ዝኽበርካ ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ "ቃልስና ንሰላምን ርግኣትን ሃገርና " ኣብ ትሕቲ ዝበል ጭርሖ ዝተኻየደ ሓድነታዊ ጉባኤና፡ እነሆ ሎሚ ዕለት 22 ነሓሰ 2021 ናይ መዛዘሚ ስነርዓት ይግበረሉ ኣሎ። እዚ ጉባኤ እዚ፡ ሃገርና ኣብ ሓያል ውሽጣውን ዞባውን ፈተና ወዲቃትሉ ኣብ ዘላ እዋን ይጋባእ ምህላዉ፡ ኣዝዩ ከቢድ ዝኾነ ሓላፍነት ዝሰከም ኢጋጣሚ እዩ። እዚ ዳማ ዝያዳ በርቲዕናን ተወሃሂድናን ንኽንሰርሕ ዘገድድ መድረኽ ንኣትው ምህላውና ዝሕብር ኣብ ርእሲ ምኽኑ፡ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ናብ'ቲ ንቡር መስመሩ ንምምላስ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ግቡእ ተራ ንኽንጻወት ሓላፍነት ዝሰከም ውን እዩ።

ደምበ ተቓውሞ በዕድመ ነዊሕ ዘቐጸረ ክንሱ እንታይ ኣፍርዩ ኢልና ምስ እንድህስስ፡ እቲ እንረኽቦ መልሲ ኣብ ባይታ ካብ ዝርከብ ህሉው ንጥፈታቱ ክኸውን ስለዝግባእ፡ ብመንጽር እቲ ክኾኖ ዝግባእ ዝነበሮ ክነጻጸር እንከሎ እቲ መልሲ " ዝኮነ ክጭበጥ ዝኽእል ንህዝቢ ኤርትራ ዝጠቕም ህያው ነባሪ ፍረ ኣየፍረየን" ክንብል ንግደድ። ንሕና ውን ክፉል ናይ'ዚ ደምበ እዚ ከም ምኽንና መጠን ቕድሚ ንኻልኦት ምሕታትና ነብስና ክንሓትት ስለዝነበረና፡ እቶም ድኽመታትና ኣለሊና በቲ ዝግባእ ኣድላይ ምትዕርራይ ክንገብር ተበጊስና ንርከብ። ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ ነብሱ ከተዓራርይ ምስ ዝብገስ፡ ኣብ ከባቢኡ እንታይ ይግበር ኣሎ ክዕዘብን ካብ ናይ ካልኦት ጌጋታት ክመሃርን ስለዝግባእ፡ እቲ ብመጀምርያ ከም ቀዳማዊ ጉዳይ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክንወስደሉ ዝመደብና ጉዳይ ሓድነት ሰልፊታት እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ብቐጻሊ ሰልፊታት ክጫጭሓ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ክንዲ መመሊስካ እናተዳቐቕካ ምኻድ ፡ እናተጠርነፍካን ሓደ እናኾንካን ምኻድ ዝያዳ ንህዝቢ ኤርትራ ኣርባሒ ክንዲ ዝኾነ፡ ነዚ ከም ኣብነት ብምኽን ፡ ብመጀምርያ ኣብ ነብስና ክነተግብሮ ይግባእ ኢልና ስለ ዝኣመንና፡ ንሕና ኣብ ትማሊ ክልተ ሰልፊታት ዝነበርና እነሆ ሎሚ ሓደ ኣካል ክንክውንን ሓቢርና ብሓደ ንክንጻዓዝን እምነ መሰረት ኣንቢርና ንርከብ። ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ መሰረትን፡ ሰልፊ ሕብረተሰብኣዊ ፍትሕን ትማሊ ክልተ በበይኖም ሰልፊታት እዮም ነይሮም፡ እንተኮነ ግን ሓቢርካ ምቕላስ ረብሓታቱ ስለዝተራኣየናን ሓቢርና ክንጻዓዝ ስለዝመደብናን፡ ስፍሕ ዝበለ ቅድመ ምድላዋት ክንገብር ይግባእ ውን ስለዝነበረ ፡ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ልዝብን ምምይያጥን ድሕሪ ምክያድ ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ፍረ ክብጻሕ ተኻኢሉ ኣሎ። እዚ ድማ ንዓና ናብ ሓድሽ መድረኽ ዘእትው ተረክቦ ኣብ ርእሲ ምኽኑ ንደምበ ተቓውሞ ውን መርኣያ ክኸውን ዝኽእል ፍጻመ እዩ።

ኩቡር ህዝቢ ኤርትራ
ሎሚ እዋን ካብ ዝሓለፈ ግዜ ንላዕሊ ዝጥርንፉኻን ሽግርካ ንክፈትሑ ላዕልን ታሕትን ዝብሉ ውፉያትን ሓለይትን ዝኾኑ ኣካላት ንኽጓንፉኻ ትጽበ ኣብ ዘለኻሉ እዋን ፡ ንሕና ናብ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን፣ ጎረባብቲ ሃገራትን፣ ናይ ዞባና ጸለውቲ ኣካላትን ዝቕንዐ እነመሓላልፎ መልእኽቲ እንተሃልዩ። ህዝቢ ኤርትራ ጽባሕ ዝሓልፈሉ ህዝቢ ክንዲዝኾነ፡ ንትሓልፍ መዓልቲ ዘይሓልፍ ጽቡቅ ተዘክሮ ዘሕድር ሰናይ ተግባር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ፈጽሙ ንብል ። ነቶም ወግሒ ጸብሒ ንኤርትራን ህዝባን ክፈላልዩ ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ ጻዕሪ ዝገብሩ ዘለዉ ባእታታት ውን፡ ሱቕ ኢልኩም ኣይትድከሙ ህዝቢ ኤርትራ ኣርሒቑ ዝሓስብ ለባም ህዝቢ ክንዲዝኾነ፡ ነቲ ውሕሉል ተንኮላትኩም ከፍሽሎ እንተዘይኮይኑ ኮታ ኣይክስዕቦን እዩ ንብል።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃገሩ ዘሕልፎ ዘሎ ስቓይ ከይኣኽሎ፡ ኣብ ስደት ውን እንተኮነ እቲ ሽግር ኣይገደፎን። ከምዝፍለጥ እቲ ናይ ስደት ሽግር ኣብ ልዕሊ ኩሉ ስደተኛ ዝርከብ እኳ እንተኾነ፡ እቶም ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ዝነብሩ ዘለዉ ስደተኛታት ኤርትራ ዘሕልፍዎ ዘለዉ ግን፡ ድሕነቶም ኣብ ሓደጋ ዘውደቐ ናይ ህይወት ፈተነን፡ ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታትን ይርከቡ ብምህላዎም በዚ ኢጋጣሚ ኩሎም እቲ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላት ፡ ብፍላይ እኳ ደኣ ኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ሓላፍነታዊ ሰብኣዊ ተራኦም ክጻወቱ ነተሓሳስብ።

ብኩነታት ኤርትራን ህዝባን ልብና ኣብ ዘይዓረፈሉ ህሞት ኮይንና ጉባኤና ነካይድ ምህላውና፡ ተስፋን ሻቅሎትን ክተሓዋወስና ገይሩ ኣብ ርእሲ ምኽኑ፡ ንሕና ንህዝብና እንታይ ኣፍሪና ኢልና ነብስና ክንሓትት ውን ኣኽኢሉና እዩ። በዚ ድማ ኩሉ ዝከኣለና ዘበለ ከነበርክት ቃልና ኣብ እነሐድሰሉ ጉባኤ ምህላውና ሓደ ከም ናይ መንጠሪ ባይታ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክንጥቐመሉ ወሲንና ኣሎና።

ሓድነታዊ ጉባኤ ፡ ከምቲ ስሙ ዝሕብሮ ኩለንተናዊ ሓድነት ዘመልክት ክንዲ ዝኾነ፡ ሓድነትና ኣብ ዕላማና ፣ ሓድነትና ኣብ ሓባራዊ ራእይናን ሕልናናን ክኸውን ስለዝነበሮ ፡ እዚ ዘካየድናዮ ጉባኤ ሓደ ዓቢ ነጥበ መቐይሮ ክኸውን ዘሎና ተስፋ ዓቢ እዩ። ኣገባብ ሓድነተዊ ጉባኤና ብዝምልከት ውን ፡ ኣብ መጀመርያ ካብ ኩሉ ማሕበራዊ ክፋላት ናይ ሕብረተሰብና ዝተዋጽኡ ናይ ክብሪ ዕዱማት ዝተሳተፍዎ ብምንባሩ ነቲ ናይ መኽፈቲ ስነስርዓት ክብ ዝበለ መዓርግ ንኽውንን ዝገብረ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ከምቲ ልሙድ፡ መኽፈቲ ስነስርዓት ብመደረ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ዝጀመረ ክኸውን እንከሎ ፡ ቀጺሉ ሓለፍቲ ክልቲኡ ሰልፊታት መደረ ከስምዑ ተገይሩ ። ኣብ ዝቐጸለ ውን ናይ ዝሓለፈ ተሞክሮታትን ናይ መጻኢ መደባትን ምርኩስ ዝገበረ ሰፋሕቲ መደረታትን መግለጺታትን ድሕሪ ምውሃቡ ፡ ውሽጣዊ መምርሒ ሕጊ ህንጻን ፖለቲካዊ ቻርተን ኣመልኪቲ ልዝብን ሰናይ ክትዕን ዝዓሰሎ ናይ ምጽዳቐ መስርሕ ተኻይዱ። ከምዚ ኢሉ ድማ እቲ ብጽቡቕ ዝጀመረ ጉባኤ ብጽቡቕ ክዛዘም ክኢሉ ኣሎ።

ሓድነታዉ ጉባኤ ኣብ መስርሑ ብርክት ዝበሉ ዛዕባታት ዝሓዘ ኣጀንዳ እኳ እንተነበሮ ፡ እዞም ዝስዕቡ ነጥቢታት ብሓላፍነት ኣጽዲቑ ይርከብ ።

1. ሕጊ ህንጻን ፖለቲካዊ ቻርተርን ኣጽዲቑ።

2. ንዝመጽእ ስጋብ ጉባኤ ዘሎ ናይ ግዜ መድረኽ ብሓላፍነት ዝመርሑ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት መሪጹ።

3. ወግዓዊ መጻውዒ ስም ናይ'ዚ ሓድነታዊ ሰልፊ " ሰልፊ መሰረታዊ ፍትሒ ኤርትራ" ክኸውን ወሲኑ።

4. ብኣላይነት ሰክረታርያ ጉባኤ ፡ ኣቦ-መንበር ማእከላይ ሽማግለን ፡ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ሽማግለም ብልዝብን ብደሞክራስያዊ ኣገባብን መሪጹ ሓላፍነት ኣሰኪሙ።

ዓወት ንሓድነታዊ ጉባኤ !
ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ !

22 ነሓሰ 2021
ሰክረታርያ ሓድነታዊ ጉባኤ